


**14 መጋቢት 2010: ህዝባዊ ሰሚናር ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ብሪዝቤን ኣውስትራልያ ፡** ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ብሪዝቤን “ዓመት መኸተን ምድንፋዕ ሃገራዊ ሓይልን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ብቐዳም 10 ሚያዝያ 2010 ሰፊሕ ሰሚናር ከምዘካየዱ፡ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቖንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ሓቢሩ። እዚ ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ 22 ለካቲት ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን ዘካየድዎ ሰላማዊ ሰልፊ ኣንጻር ብይን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮይኑ፡ ንመኸተ ምድንፋዕን ሃገራዊ ሓይሊ ንምዕዛዝን ዝዓለመ ሰሚናር እዩ።

ኣብቲ ብጠቕላሊ ቖንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን፡ ኣቶ በሽር እድሪስኑር፡ ዝቐረበ ሰፊሕ ሰሚናር፡ ዕላማ ብይን ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን፡ መደባት ምሕያል መኸተ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። “ ትርጉምን መሰረትን ናጽነት ዘውሕስ መነባብሮ ህዝብና ዘምሓይሽን ዘርሁን፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘስፍን መደባት ልምዓት ምትግባር ቀዳምነት ዝውሃቦ ጉዳይ እዩ” ዝበለ ኣቶ በሽር ምርግጋጽ ሃገራዊ ድሕነት መሰረት ህላዌና ስለዝኾነ፡ መኸተና ነዚ ብእገዳ ዝግለጽ ዘሎ ተጻብኦታት ብቐዳምነት ክንሰርዮ ግድን'ዩ ኢሉ።

ቀጺሉ ኣቶ በሽር፡ ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ ብኣሜሪካ ዝተደገፈ ወራርን፡ ድሕሪ'ቲ ወራር ንዝስዓበ ተጻብኦታትን ውዲታትን ኣፍሺልና ከንብቅዕ፡ ፍሽለቶም ክቕበሉ ዘይክኣሉ ኣሜሪካን ከደምቶምን ገስጋስና ንምግታእ ሕጋውነት ዘይብሉ እገዳ'ኳ እንተ ኣወጁልና፡ ሕማም ተጻብኦ ኣሜሪካ፡ ብመኸተ ኤርትራውያን ክፍወስ ምኻኑ ዘየጠራጥር'ዩ ኢሉ።

ኣስዒቡ ኣቶ በሽር፡ “ተጻብኦታት ጸላኣትና በዚ ኣብቂዑ'ዩ ዝብሃል ስለዘይኮነ፡ ትኩርነትናን ሓድነትናን ብምሕያል፡ ኣንፈትን ዕላማና ጥሙር መኸተና ንምዕዋት ኣበርቲዕና ክንሰርሕን ኣፍራይነትና ከነሕይልን ይግባእ” ኢሉ።

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ብሪዝቤን ብወገኖም፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ህዝብን መንግስትናን ከም ኢድን ጓንትን ኮይኖም ዘካይድዎ ዘለዉ ደርማስ ዝኾነ ቁጠባዊ ዕብየት ሳላ ቲቪ-ኤረ መዓልታዊ እንርእዮን እንከታተሎን ዘሎናን መስኩርለይ ዘየድልዮ ጉዳይ'ዩ ክብሉ በቲ ብውዕዉዕ መንፈስ ዝካየድ ዝነበረ ሰሚናር፡ ዕግበቶም ድሕሪ ምግላጽ፡ ነቲ ተጀሚሩ ዘሎ ጥሙር መኸተ ንምዕዋት ካብኦም ዝጥለብ ዘበለ ኩሉ ንምምላእ ዘለዎም ፍጹም ቅሩብነት ገሊጾም።